SPRÅKLUST

ብሓባር

ኣንበቡ

Detta är en översättning till **TIGRINJA** av ”Läs tillsammans”

ብሓባር

ኣንብቡ

ምስ ደቅኻ መፃሕፍቲ እንዳረኣኻን ብሓባር እንዳ ኣንበብካን ምውዓል ዓብዩ ምስኦም ግዘ መሕለፊ መንገዲ እዩ፡፡ ንክትዘራረቡ እውን ዓቢ ዕድል እዩ ዝፈጥር፡፡ መፃሕፍቲ፣ ታሪካትን ናይ ቆልዑ ናይ ቋንቋ መማዕበሊ ዝንበቡን፡፡ ምንባብ ንህፃናት ሓሳቦም፣ ፈጠራኦምን ትኹረቶምን ክጥቀሙሉ ዘግብሮም ዓብዩ ዕድልን ሓደሽቲ ቃላት ዝመሃሩሉ መንገዲን እዩ፡፡

ከቢድ ኣይኮነን

ናይ ህፃውንቲኹም ናይ ቋንቋ ደረጃ ዝኾኑን ዘሐጉሱዎምን መፃሕፍቲ ምረፁ፡፡ ካብ ቤተ ንባብኩም ምልቃሕ ትኽእሉ፡፡ ካብ ክፍሊት ነፃ እዩ ኣብኡ ዘለዉ ናይ ስታፍ ኣባላት እውን ክሕግዙኹም ሕጉሳት እዮም!

ናይ ባዕልኹም ቃላት ተጠቐሙ

ነቲ ታሪክ ብናይ ባዕልኹም ቃላት ብናይ ባዕልኹም ቋንቋን ስእልታት ከም ሓገዝ እንዳተጠቐምኩም ኣንብቡሎም፡፡ ነቲ ታሪኽ ምስ ናይ እቲ ቆልዓኹም ታሪኽ ኣተሓሕዝዎ፡፡ ቆልዓኹም ብዝሓሸ መልክዑ ምስ እቲ መፅሓፍ ክላመድ ክገብሮ እዩ፡፡

ፅቡቕን ምቹውን



ኩሉ ግዘ እተንብቡሉ ግዘ ክትረኽቡ ምረጹ፡፡ ብዘይ ምንም ዝርብሽ ነገር እትረጋግፅሉን ዘና እትብሉሉን ግዘ ምረፁ፡፡ ተመቻቺኹም ኮፍ በሉ ምስደቅኹም ድማ ዓይኒ ንዓይኒ ተጠማመቱ፡፡ ኣብ እቲ መፅሓፍን ሪክ ምንባብን ተመሰጡ፣ ዝኾነ ነገር ኣብ ሞንጎኹም ከይኣቱ፡፡ ዋላ ንስኹም ኣብ ምንባብ ክንድቲ ከምዘይኮንኩም ይሰመዓኩም እንበር ደቅኹም ድምፅኹም ምስማዕ ይፈትዉ እዮም፡፡

እቶም ስእልታት ኣርእዮም

እቲ ታሪክ እንዳተረኽኩም ከለኹም ናብ እቶም ብጣዕሚ ጠቓምቲ ዝኾኑ ስእልታት ኣመልክቱ፡፡ ቆልዓኹም ኣብ ምንታይ ከትኩር ከምዘለዎ ይሕግዞ እዩ፡፡ ቆልዓኹም ነቲ ታሪክ ክርድኦን ክኽተሎን ይቐለሉ፡፡

ብነፃነት ኣጋንን

እንዳ ኣንብኩም እንዳሃለኹም እንቅስቃሴታት ንምርኣይ ኣይትሰከፍ፡፡ ድምፂታ፣ ናይ ገፅ ምልክታትን ምልክታትን ንምጥቃም ነፀነት ይሰማዕኹም፡፡ ነቲ ቶን ኣጋንነዎ፣ ሱቕ ድማ ትብሉ (ብፍላይ ቅድሚ መገረሚ ድንገተኛ ነገር) ነገራት ናብ እቲፅሑፍ ክተምስል ሞክር፡፡ ብድምፅኹም ተፃወቱ- ዓው ዝበለ ምግባር ወይ ዝተፈላለዩ ገፀ ባህርያት ንምውጻእ ጥልቕ ዝበለ ድምፂ፡፡ እዚ ንቆልዓኻ ትኩረቱ ስሒቡ ደስ ከብሎም እዩ፡፡

ቆልዓኹም ክሳተፍ እውን ግበሩ

ናይ ቆልዓኹም ድልየትን ፍጥነትን ከመይ ነቲ ታሪክ ክተንብብዎ ከምዘለኩም ክመርሓኩም ግበሩ፡፡ ቆልዓኹም ኣብ ድልየት ዘርእየለን ቦታታት፣ ከም ኣብ ስእሊታት ትኹረት ግበሩ ቃላት ድማ ኣእትውሉ፡፡ ግዘ ወሲድኩም ናይ እቲ ቆልዓኹም ቃላት፣ ምልክታትን ድምፂታትን ክትሕዙ ፈትኑ፡፡

በሓባር ነቲ ታሪኽ ንገሩ

ነቲ መፃሕፍቲ ዝተወሰነ ግዘ ምስ ኣንበብኩሞ፣ ነቶም ስእልታት ተጠቒምኩም ታሪክ ብሓባር ምንጋርን እቲ መፅሓፍ ብዛዕባ እንታይ ንምኻኑ ንምፍላጥ፡፡

SPRÅKLUST

Regionbibliotek och Barnhälsovården
i Region Jönköpings län samarbetar
med länets folkbibliotek och logopeder
för att ge alla barn Språklust!

Region
Jönköpings län

Produktion: Regionbibliotek och Barnhälsovården, Region Jönköpings län
Illustration och grafisk formgivning: Fredrika Form och illustration I Tryck: Lidbergs Grafiska, 2016
Artikelnummer: 91173807. © Region Jönköpings län, www.rjl.se